ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ሓዉዜን ንትካልና ግልጋሎት ዝዉዕል ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣቑሑት ማለት እዉን ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ፣ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቁሑት፣ ናይ ህንፃ መሳርሕን ፣ኣዉቶሞቲብን ኣቅሑትን፣ ናይ ኤሌክትሪክ ኣቅሑትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ ትደልዩ ነጋዶ ክትወዳደሩ ንዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ የካቲት 23, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 8, 2012 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:ሓዉዜን
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 8, 2012 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ናይ 2012ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘለኩም

2 ናይ 2012 ዝተሓደሰ መቕረባይነት ሰርትፊኬት ከተቕቡ እትክእሉ

3 ናይ ግብሪ ከፋላይነት መለለይ ቲን ናምበር ከቕርብ ዝኽእል

4 ናይ ቫት ሰርትፊኬት ዘቕርብ

5 ናይ ወርሒ ጥሪ2012ዓ/ም ዴክለር ዝገበርክምሉ መረዳእታ ክተቕቡ ትኽእሉ

6 መወዳደሪ ዶክሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ሽምን ኣድራሻን ዘለዎ ኮምኡ እዉን ናይቲ ትካል ማህተምን ፌርማን ክግበረሉ ይግባእ

7ተጫረቲ ዘይምለስ 30 /ሳላሳ ብር/ እናከፈልኩም ሰነድ ጨረታ ካብ ኮሌጅና ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ሓዉዜን ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳር ህንፃ ቁፅሪ 03 ካብ ዕለት 24/06/2012 ክሳብ ዕለት 08/07/2012 ሰዓተ 8:00 እናመፀኩም ክትወድሱ ትኽእሉ

8 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዉሕስና መኽበሪ ሎት 01 ፅሕፈትን ፅሬትን 3000 ብር ፣ ሎት 2 ኤሌክትሮኒክስ 4000 ብር፣ ሎት 3 ህንፃ 4000ብር ፣ ሎት 4 ኣዉቶማቲቭ 4000 ብር ፣ ኤሌክትሪክ ኣቅሑት 5000 ብር ብጥረ ገንዘብ ወይ ድማ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ብ ሲፒኦ ከተትሑዙ እትክእሉ

9 እትህብዎ ዋጋ ጨረታ ካብ ካብ 08/07/2012ዓ/ም ክሳብ 28/07/2012ዓ/ም ፀኒዑ ዝፀንሕ ይከዉን

10 እቲ ጨረታ ዕለት 08/07/2012 ልክዕ ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 8:30 ኣብ ቤት ፅሕፈት ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ሓዉዜን ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ይክፈት

11ጨረታ ሰዓርቲ እንተኮይንኩም ዝሰዓርኩምዎ ንብረት ዉዕሊ ካብ ዝኣሰርክምሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 11 መዓልቲ ብፅሬትን መጠንን ብናይ ባዕሉኩም መጓዓዝያ ናብ ኮሌጅና ከተቅርቡ ትኽእሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ኮሌጅና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ወይ ድማ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ዝበለፀ ሓበሬታ 09 42 01 62 05 ደዊልኩም ምሕታት ይካኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle